ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ኣብ ሓበራዊ ኮምፕሌክስ ህንፃ ግቢ ዙርያ ዝርከብ ሳዕሪን ተኽልታትን ማይ ብቦቲ ብምቕራብ ከስቲ ዝኽእል ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 25, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 27, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 27, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና ክራይ/

ምልክታ ፕሮፎርማ ሕዳር - 2017 ዓ.ም

ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ኣብ ሓበራዊ ኮምፕሌክስ ህንፃ ግቢ ዙርያ ዝርከብ ሳዕሪን ተኽልታትን ማይ ብቦቲ ብምቕራብ ከስቲ ዝኽእል ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ ።

ዝርዝር መግለፂ	ስፐስፊኬሽን	መቀኒ	በዝሒ	ኣብ ሰሙን	ናይ ሓደ ብር	ዋጋ ላን
1 ኣብ ኮምፕሌክስ ሓባራዊ ህንፃ ግቢ / ዙርያን ካብ ግቢ ወፃኢ ብቕድሚት መእተዊ በሪ ዝርከብ ተኽልታት ብቦቲ ማይ ብምቕራብ ባዕሉ ዘስቲ	ብሜ 3	ብሜ3 50	ሜ3	ማይ		

በዚ መሰረት እዚ ዝስዕብ ረቓሒ እተማልኡ ክትወዳደሩ ንዕድም።

• በቲ ዘርፊ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ፣ መቕረባይነት ክተቕርቡ እትኽእሉ፡

• ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቲን ክተቕርቡ እትኽእሉ።

• ተጫረቲ ሰነድ ፕሮፎርማ ካብ ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ፊት ንፊት ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዝርከብ ሓበራዊ ህንፃ 1ይ ደብሪ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንሰን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 59 ካብ ዕለት 24/3/2017 ብምውሳድ ዋጋ መሊእኹም ናይ ትካልኩም ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክሳብ ዕለት 27/3/2017 ስዓት 4፡00 ናብ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 59 ዝተዳለወ ሳፁን ኣታዊ ክትገብሩ ትኽእሉ። እቲ ፕሮፎርማ ስዓት 4፡00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ይኸፈት።

• እቲ ጨረታ ፕሮፎርማ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን7' ናይ ስራሕ መዓልቲ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሕ ይኸውን፣

• ስዓራይ ምኟንኩም ካብ ዝተገለፀልኩም ኣብ ውሽጢ 3 ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ማይ ብምቕራብ እቲ ተኽልታት ከስቲ ዝኽእል።

• ዝቕርብ መጠን ማይ ኣብ ሰሙን ወይ ከም ኩነታቱ ክውሰኽ ወይ ክቕንስ ይኽእል እዩ።

• ቢሮና እቲ ፕሮፎርማ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-42-40-01-29 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle